ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.145 | ሰንበት 16 ለካቲት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስለምንታይ'ዩ ክንጽዕር ዝደሊ


ገጽ 3
እቲ ዘይክኣል



ገጽ 4
ኣከባቢያዊ ንቕሓት


ገጽ 5
ምልክታ

ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ሎሚ ክዛዘም እዩ


# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት ግፍዕታት መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ባህላዊ መደብ ቀሪቡ





ሰእሊ. ኣብርሃም በየነ

ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት ግፍዕታት መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ባህላዊ መደብ ቀሪቡ።

እቲ ብስልፌ ተመሃሮን ኣባላት ማሕበር ወጻኢ ታክሲን ዝተሰለየ ምርኢት፡ ንግፍዕታት መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ኣብ 1975 ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝፈጸሞ ህልቂት ደማ ብፍላይ ዘንጸባርቕ ጣዕመ ዜማታት፡ ግጥምታት፡ ከምኡ'ውን ትረኻ ህልቂት ወኪ-ድባ፡ ድርፎን ዓዲ-ንፋስን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲኛታትን ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮን ህዝብን ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ቃል ኣወሃሃዲት ኮሚተ ዘቕረበ ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን፡ ገበነ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣሚን ኣሉ ክምዝኦን ክንብርከኽ፡ ሰውራ ኤርትራ ድማ ደገፍ ህዝቢ ስኢኑ ክጠፍእ ዘይፈሓሰዎ ውዲትን ዘይፈጸምዎ ግፍዒታትን ከምዘይነበረ ብምጥቃስ፡ እቲ ክቕየድ ዝቐጸለ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ እቲ ዝተፈጸመ በደል ምስ ግዜ ከይርሳዕ ንምዝኽኻርን ሓደስቲ ወለዶታት ክፈልጥዎን ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ብወገኑ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ኣብ 57 ዓድታት ብዝፈጸሞ ህልቂት ልዕሊ 11 ሽሕ ህዝቢ ከምእተቐዝፈ፡ ንዝተኻየደ ዲህሳዊ መጽናዕቲ ብምጥቃስ ድሕሪ ዝዀ መብርሂ፡ ኑቲ መደብ ንምዕዋት ንዝጸዓቱ ኣካላት ኣማስጊኑ።

ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት ግፍዕታት መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ኣቕዲሙ ስእላዊ ምርኢት ከምዝቐረበ ዝፍለጥ'ዩ።

## ኣፍዓበት - ኣብ ግልቡብ ሓዳስ ቤት-ትምህርቲ ተኸፊታ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት - ምምሕዳር ከባቢ ግልቡብ ኣብ እትርከብ፡ ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ህዝቢ ዝተጠርነፈላ ከዝን ልዕሊ 200 ተመሃሮ ክተኣንግድ እትኽእል ሓዳስ ናይ መጀመርታ ቤት-ትምህርቲ ተኸፊታ።

ኣብ 2023 ዝተደኮነት ከዝን ኣቕዲሙ ኣገልግሎት ቀረብ ማይን ንቑጣ ጥዕናን ከምእተዋደደላ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጅብ፡ ደርር ን390 ዜጋታት ንመንበሪ ኣብዪቲ ዝኸውን ቃጽያታት ከምእተዓደለ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓመድዓሊ እድሪስ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ኣቐዲሙ ብዘይስሩዕ ናይ ቀዳማይ ክፍሊ፡ ከምኡ'ውን ናይ ዓረዶትን ትምህርቲ ንዓበይትን ኣገልግሎት ክወሃብ ምጸንሑ ብምዝካር፡ ምኽፋት ናይ'ዛ ቤት-ትምህርቲ ዓቢ ሓገዝ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣካየድቲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ግልቡብ ወ/ሮ ሰሚራ እድሪስ ብግደኦ፡ ብርእሰውጥን ዝተደኮኑት ከዝን ንምስፋሕ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተዋደደላ ኣገልግሎታት ማይ፡ ጥዕናን ትምህርትን ካልኦት ንምውሳኽ ኣብ ዝቐየድ ዘሎ ጻዕሪ ኣበርክቶ ንክገብሩ ዘለዉ ወገናት ኣማስጊና።

## ኣብ ዓዲ-ቐይሕ፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተኻይዱ

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ ነበርትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተሳተፍዎ ማእቶታዊ ንጥፈታት ብ13 ለካቲት ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዝተኻየደ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ኣባላት ጨናፍር ሚኒስትሪታት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ፖሊስ፡ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ከምኡ'ውን ቤት-ማእሰርትን ተሃድሶን ተሳቲፎም።

ብዘይካ'ዚ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሓይኾ፡ ዐናበር፡ ሕሸመለን ሃዳሙን ኣብ ውሽጢ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ወፈራ ጽሬት ከምዝካየዱ ተሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ሃብቲ ገረብ ብዝቐየድ ጸንዕ ሓለዋን ምክትታልን መጠን ብርሰት ብልዕሊ 80 ሚእታዊት ከምዝጐደለ፡ ሓላፊ ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ኣሕመዲን እስማዒል ገሊጹ።



ሰኣላይ ተስፋገብረ ኤል ተስፋሚካኤል

ኣብ ሰብራሱ ሕጹይቶ፡ ካርቦን ሓይሳብን ንቑጣታት ምቁጽጻር ሳላ ዝተገበረ፡ ከምኡ'ውን ዓቕሚ-ሰብ ተወሲኹ ጸንዕ ሓለዋ ሳላ ዝተገበረ፡ ብዘዘለ ዝርኣ ዝበረ ምቕራጽን ምፍሓምን ኣጊዩ ከምዝነኸደለ ዝሓበረ ኣቶ ኣሕመዲን፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ኣጉዲሱ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ሳዕቤናት ብርሰትን ረብሓታት ምግራብን ንምስራጽ፡ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ኣሸሓት ከምእተኻየደ ብምሕባር፡ ምዕቃብ ሃብቲ ገረብ ኣብ ሓለዋ ንዝተዋፈሩን ንኣመሓደርቲ ከባቢን ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ ሕብረተሰብ ምቁጽጻሩ ከሐይል ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኣሕመዲን፡ ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ብርሰት ኣግራብ ኣብ ልዕሊ ዝተሳተፉ፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምእተወሰደ ሓቢሩ።

ወከልቲ በዓል-ስልጣን ኣግራብ ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ግርማይ ኣብርሃ ብወገኑ፡ ካብ መፋርቕ 2024 ኣግራብ ክቑረጹሉ ይኽእሉ'ዮ ተባሂሉ ኣብ ዝጥርጠር ቦታታት ብዝተገበረ መቑጻጸሪ ንቑጣታትን ጥቡቕ ሓለዋን፡ ምቑራጽ ኣግራብ ጉዱሉ ከምዝሎ ሓቢሩ።

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ስለምንታይ'ዩ ክንጽዕር ዝድለ

ከይጸዓርካ ኣይኮነንዶ ትደልዮ፡ መሰረታዊ ዘድሊ ነገራት'ኳ ክትረክብ ኣይከኣልን እዩ። ኣብዛ መሬት ዝርከብ ኲሉ ፍጡር ከይጸዓረ ክነብር ዝኽእል የለን። ኲሉ ንኽነብር ዘድልዮ መሰረታዊ ጠለባት መግቢ፡ ማይን ኣየርን ብኾፉ ዝረኽቦ የለን። ኣዕዋፍ ካብ ሓደ ጫፍ ዋልታ ናብቲ ካልእ ጫፉ ዋልታ ይበራ፣ ሰብ ንዓለም ውሽጣን ላዕላን እናበርበረ ይዞራ፣ ... ወዘተ። ሰብ ካብዚ ናይ ጻዕሪ ጽሕፍቶ ዝርሕቐ ኣይኮነን። ክጽዕር እንክሎ ኸኣ በብደረጃኡ ይጽዕር። ኣቦ ናይ ኣቦ፡ ኣደ ናይ ኣደ፡ ውሉድ ከኣ ናይ ውልድ ጻዕሪ የካይድ። ህይወት ድማ ብኸምኡ ትካየድ። ንሕና ተመሃሮ ኸኣ ኲሉ ግዜ ናትና ውሁብ ጻዕሪ ኣብ ትምህርትና ዝዘጠጠ ይኸውን። ዝበዛሕና ምሉእ ግዜና ንትምህርቲ ንህቦ ንኸውን። ገለ'ውን ጾር ስድራና ተማቒልና ንምሃር ንህሉ። እቲ ኹይኑ እቲ ግን ንኽንዕወት ክንጽዕር ከም ዘለና ዘየማትእ ነገር'ዩ። እቲ ክነፍዕ፡ ኩብርትዕን ብሉጽ ክኸውንን ዝብህግ ሰብ፡ ንዝተፈላለየ ሜላታት ኣጸናንዓን ምስትምሃርን ይፍትሽ ይኸውን። ሱር ኲሉ ብርትዐን መንፍዓትን ጻዕሪ እያ። ስለዝኾነ "ዝጸዓረ ይዕወት!" እንብል፣ ስለዝኾነ ሰብ እናኽምዕደና ንኹሉ ኣብኡ ጠቒሊሉ "ጸዓር!" ይብለና።

ዝዓበየ ምኽሪ "ጸዓር! ጸዓር! ጸዓር!" እያ። ዓው ኢልካ ደጋጊምካ እናኽተድምጻ ሓይልኻን ተስፋኻን ኣብ ውሽጥኻ እትመልእ ቃል'ያ፣ ጸዓር!። ኣብ ከባቢና ዝነብሩ ሰብ



በብሓደ እንተ ጠሚትናዮም፡ ርሑቕ ከይከድና ትርጉም ጻዕሪ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። እንነብረሉ ከባቢ ጻዕሪ ዝበዝሖ ምዃኑ ምስትውዓል ኣይንስእንን። ኲሉ ዝጸበቐ ነገራት፡ ጻዕሪ ከም ዝሓለፎ ኣይጠፍኣናን። ካብታ እንማሙቐላ ዘለና ቤት ስድራና'ኳ ብዙሕ ክንዕዘብ ንኽእል ኢና። ኲሎም ኣብ ቤት ትምህርትና "እዚ ንፉዕ እዩ፡ " እንብሎም ተመሃሮ ስለምንታይ ንፉዓት ከም ዝኾኑ ክንሓቶም ንኽእል ኢና። ዝበዝሑ እቲ ከጽንዑ ዘጥፍእዎ ግዜ ክነግሩኻ ይኽእሉ። ኲሉ ንፉዕ ተመሃራይ ንፉዕ ኰይኑ ኣይተወልደን። ብጸሎትን ጾምን'ውን ኣየመጽኦን። ናይ ሓደ ተመሃራይ መንፍዓት ዝገልጹ ዝጥቀሱ ረቛሒታት'ኳ እንተ'ለው፡ ንኹሎም ግን ጻዕሪ'ዩ ዘዛምዶም። ብባህሪ ልዕሊ መዛንኡ ሓያል ናይ ምስትውዓል ዓቕሚ ዘሎዎ ኰይኑ ዝፍጥር ኣሎ፣ ገለኡ ካብ ብንእሱ ብስድራቤቱ እናተኾስኰሰ ዝመጽእ መንፍዓት ኣሎ፣ ገለ'ውን ብቐልጽሙ ብዘይ ሓጋዚ ካብ ሰቡ ዝበለጸ ዝኸውን ኣሎ፣ ገለ ኸኣ ምሉእ ግዜኡ ድራር እሉቱ እናኣናደየ ቅድሚት ዝወጽእ ተመሃራይ'ውን ኣሎ። ስለዚ፡ መንፍዓት ናትካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ምርጫ እዩ።

ክትነፍዕ ትደሊ ትኸውን፣ ቅድሚ ኲሎም መማህርትኻ ክትሰራዕ ትደሊ ትኸውን። መጀመርታ ንነብስኻ ንጻዕሪ ኣዳሉዋ። ኣብ ኣካይዳኻ ሓድሽ ለውጢ ክትገብር እንክለኻ ዝሕዘካ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ነዚ ኣቓዲምካ ከም ዝመጽኣካ ምፍላጥ የድልየካ። ብዙሓት ናይ መንፍዓት መገዲታት፡ ኣገባባት፡ ሜላታትን ስትራቴጂን ... ካብ ብዙሓት መጽሓፍቲ፡ ጋዜጣ፡ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት፡ ሰብን ካልእን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ናይ መጽናዕቲ ልምዲ ምጥራይ ቀዳማይ ክትወስዶ ዝግበኣካ ልምምድ እዩ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ሓደ ውሱንን ምቹእን ሰዓታት መጽናዕቲ ፈሊኻ ክትላመድ ጀምር። ኣቐዲሙ ዝነበረ ልምዲ ካልእ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብቲ ዝጸንሓካ ልምዲ ሃንደበት ብዘይ ርድኢት ወይ ብዘይ ምሉእ ውሽጣዊ ድፍኢት ምእላይ፡ ቀልጢፍካ ከም እትጸልኦን እትመንዎን ክገብረካ ይኽእል እዩ። ካብቲ ዝሓደረካ ጽቡቕ ሕልሚ ኸኣ ክትፈላለ ትኽእል። ኣብ ውሱን ሰዓት ኣብ ጸጽባሕ ከተጽንዕ ፈትን። እቲ ተጽንዮ ብዘየገድስ፡ እቲ ናይ ምጽናዕ ልምዲ ግን ከተጥሪ ኢኻ። እዚ ልምዲ'ዚ ምስ ኣጥረኻ፡ ኲሉ ክቐለልካ እዩ። ምጽናዕ ቀሊል! ጻዕሪ ቀሊል! ፈተና ቀሊል! ንፉዕ ምዃን'ውን ቀሊል ክኸውን እዩ። ግዜ መጽናዕትኻን ትርፊ ግዜኻን ኲሉ ምቁርን ህይወት ዝህብን ከም ዝኸውን ምስክር ኣይትደልየሉን። ናብዚ ናይ ምጽናዕ ልምዲ ክትበጽሕ ጻዕጻዕ እናበለካ ትኸይድ ኔርካ ትኸውን። ልክዕ ከምኡ ኸኣ ካብ ምጽናዕ፡ ካብ ንፉዕ ምዃን፡ ካብ ጻዕራም ምዃን ክትእለ ፈጺሙ ጸላዕላዕ ዘብል ብምዃኑ፡ ሓንሳእ እንተ በጺሕካዮ ኣይትወጽኣሉን ኢኻ። ንፉዕ ምዃን ናትካ ናይ ባዕልኻ ምርጫ እዩ። ንዘይምንፋዕካ ምስ ዕድል፡ ትሕዝቶ፡ ስድራ... ኣይተተኣሳሰሮ። ከም ኲሉ ሰብ ማዕረ ዝበጽሓካ ዕድል ኣለካ፣ ጻዕራም ምዃን። ጸዓር'ሞ ሸዑ ዝኸውን ክትርእዮ ኢኻ። ስለዚ ንፉዕ ንምዃን ኲሉ ሳዕ ንጽዓር! ኲሉ ግዜ ምስ ዝበለጹ ክንህሉ ንጽዓር፣ ደጋጊምና ንጽዓር።

ማክዳ ትንሱእ

## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

### ናይ ሃይሰንበርግ መሰረታዊ ሕጊ ዘይርጉጽነት


ናይ ኣልበርት ኣይንስታይን ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት (theory of relativity)፡ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ኣድማስን መሰረት "ኳንተም" ፊዚክስን ይነግረና። እንተኾነ ናብቲ ሓሳባዊ ስነ-ፍልጠት ቀ ኑብ ዕግርግር ኣእትዩ እዩ። ነዚ ናይ ኣድማስ ሕግታት ኣብ ኣሳኺሹዓኡ ወይ ኣቀማምጣኡ ተዓጻጻፊ ምዃኑ ብ1927 ዘስተውዓለ ጀርመናዊ ስነ-ፍልጠተኛ ወርነር ሃይሰንበርግ እዩ።

መሰረታዊ ሕጊ ዘይርጉጽነት ስሙ ከም ዘመልክቶ፡ ናብ ልክዕ ዝቐረበ እምበር ልክዕ ክርከብ ከም ዘይከኣል'ዩ ዝገልጽ። ሃይሰንበርግ፡ "ንኽልተ በበይኑ ጠባያት ናይ ሓደ ፓርቲክል ኣብ ሓደ ግዜ ክትፈልጦ ኣይክኣልን'ዩ፡" ኢሉ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ኣንፈት ናይ ሓደ ኤለክትሮን ብልክዕ ክትፈልጦ እንተ ከኣልካ፡ ን"ሞመንቱም" ግን ብልክዕ ክትፈልጦ ኣይከኣልን እዩ። ("ሞመንቱም" ሓደ ዓቐን ናይ ምንቅስቓስ ኰይኑ፡ ርዝነትን ፍጥነትን ብምርባሕ ይርከብ፣ momentum= mass x velocity) ወይ ከኣ ልክዕ ዓቐን "ሞመንቱም" እንተ ረኺብካ፡ ልክዕ ኣንፈት ናይቲ ኤለክትሮን ክትፈልጦ ከም ዘይከኣል'ዩ መሰረታዊ ሕጊ ዘይርጉጽነት ዝገልጽ።

ድሕሪኡ ኣብ ስነ-ቐመምን ኳንተም ፊዚክስን ስም ዝገደፈ ኒልስ ቦህር እዩ። ንሱ ነዚ ናይ ሃይሰንበርግ መሰረትዊ ሕጊ ዘይርጉጽነት ዝሕግዝ ርኽበት ዝረኸበ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ኒልስ ቦህር ሓደ ኤለክትሮን ክልተ ባህሪ ከም ዘሎዎ ክፈልጦ ክኢሉ። ኤለክትሮናት፡ ናይ ፓርቲክልን ናይ ማዕበልን ባህሪ ከም ዘሎዎም ኣብቲ ኣብ ኳንተም እንምሃሮ "wave-particle duality" ተገሊጹ ይርከብ። እዚ ኸኣ ኣብ ኳንተም ፊዚክስ ከም እምነ-ኲርናዕ ይግለጽ። ምስ ናይ ሃይሰንበርግ ክልሰ-ሓሳብ ዘዛምዶ በሉ ንርአ፤

ሃይሰንበርግ፡ ኣብ ሓደ ግዜ ክልተ ዓቐን ናይ ሓደ ኤለክትሮን (ብሓፈሻ ፓርቲክል) ክትፈልጥ ከም ዘይከኣል'ዩ ዝገልጽ። ቦህር ከኣ ንሓደ ኤለክትሮን - ኣብ ዝተወሰነ ቦታን ዘይውስን ንውሓት ማዕበል (ዌቭለንግዝ) - ኣንፈቱ ክንፈልጦ እንተ ደለና፡ ነዚ ኤለክትሮን በቲ ናይ ፓርቲክል ባህሩ ንርእዮ ኣለና ማለት'ዩ። "ሞመንቱም" ክንዕቅን እንክለና ኸኣ በቲ ማዕበላዊ ባህሩ ንርእዮ ኣለና ማለት'ዩ። እዚ ክንገብር ንስፍሓት ናይቲ ማዕበል ክንፈልጥ ንኽእል ኢና፣ ኣንፈቱ ግን ክንፈልጦ ኣይከኣልን እዩ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284

## ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: What are some products of the West Indies?

Student: I don't know.

Teacher: Of course, you do. Where do you get sugar from?

Student: We borrow it from our neighbor.

***



ሜሪ ማና

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ተፍቅሮ ነገር ምግባር፡ ናይ ብርኩት ህይወት እምነ-ኹርናዕ እዩ።


- Wayne Dyer

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## እቲ ዘይክኣል




ኣብ ዓለም፡ "ዘይክኣል ነገር የለን" ዝብል ኣዘራርባን ርድኢትን ኣሎ። እዚ ርድኢትን ብሂልን እዚ፡ ኣብ ኣጠማምታን ስምዒትን ደቂ ሰብ ዝምርኮስ ምኽንያቱ ይንገር። ብዘይካ'ዚ፡ ንሓደ ብርትዓውነት ሓሳብና፡ ጻዕሪ ኣሰሪና ዘጠቕለልናዮ መደብ ኣብ ሽቶኡ ከም ዝበጽሕ ንምርኣይ ዝተባህለ ብሂል እዩ። ናብ ክውንነት ወሪድና ክንመዝኖ ምስ እንፍትኖ'ውን፡ ነቲ "ኣብ ዓለም ዘይክኣል ነገር የለን" ዝብል ኣምር ዳግመ-ግምት ክንገብረሉ ዝድርኹ ኩነታት ኮይናም ክጽንሑ ይኽእሉ እዮም። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን እዚ ብሂል ጌጋ ዝኾነሉ ግዜ ኣብይ ኮይሶኣ፧ እዚ ዝኾነሉ ካብ ክውንነት ናይቲ ንተግባራውነቱ ትብጽሖ ዘለኻ መደብ ወጻኢ ክትተግብር ምስ እትፍትን እዩ።

ብሓፈሻ ግን፡ ብዙሓት ሰባት ነቲ ዝሓስብዎ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓል ተበግሶኦም ንኸዕዝዙ ንምዝኽኻር ዝተባህለ ምኽንያት ዘተኣሳሲ ዩብሉን። ንኣብነት እቲ "ሽውዓተ ግዜ ወዲቕካ ሸሞንተ ግዜ ትትንስእ" ዝብል ብሂል፡ ከይተሓለልካ እንተ ጸኒዕካ ተቓልስካ ካብ ውድቀት ከም ዝትንስእ እዩ ዘስተምህር።

እቲ ሓንቲ ኣምፑል መብራህቲ ንክትምህዝ ልዕሊ ሽሕ ፍሹል ፈተነታት ዘካየደ ቶማስ ኤዲሰን'ውን እንተኾነ፡ ድሕሪ'ቲ ብዙሕ ፈተነታት ከም ዝተዓወተ ንኹሉ ብሩህ እዩ። ካብ ቶማስ ንርደኦ ነገር እንተ ሃልዩ ከኣ፡ እቲ ዓለም ከም ውድቀት ዝሓሰበቶ ኣማኢት ፈተነታት፡ ኣብ መወዳእታ ዘይክኣል ነገር ከምዘይብለ የርእየና። ኤዲሰን'ውን ንባዕሉ፡ ነቲ ኣብ ዓለምና ኣጉዳሲ ባእታ ዝኾነ መብራህቲ ንኽትምህዝ ዝሓለፎ ፍሽለታት፡ ፈተነታት እምበር ውድቀት ከምዘይኮነ'ዩ ዝምጉት። ብተወሳኺ፡ እዞም ነገራት ፍሽለት ዘይኮነስ ኑቶም ድሕሪ ሕጂ ኣብ ምምሃዝ መብራህቲ ዝርከቡም ጌጋታት ፈጺሙ ክደግሞም ከምዝይብሉ ዝተመሃረሉ ኣጋጣሚ እዩ ክኾውን ክኢሉ። ነቲ ብዓለምን ብማሕበረ-ሰብ ዓለምን "ዘይክኣል" እናተባህለ ዝተዘመረሉ ሓሳብ ድማ፡ ናብ ፍጹም ዝከኣል ክቕይሮ ምኽኣሉ ሰኡት ታሪኽ ናይ'ዚ ተመራማሪ ይጠቕሶ።

ኣብ ምንባር ብዙሓት ፈተንቲ ኩነታት ኪጋጥሙ ይረኣዩ እዮም። ነዞም ብድህሎት ንምጥጣም ኣብ እንገብሮ ጻዕሪ'ውን ክንፈሽል ምስ እንርኢ ሰባት ከም ወዱቓት ኩሓስበናን፡ "ከመይ ዝበለ ዓሻ ሓሳብ እዩ ሃቂቱ" እናበሉ ክስተናዕቑናን ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ እዚ ብሂል'ዚ ንዓኻ ኣብ ጉዕዞኻ ንዘጋጥሙኻ ብድህሎታት ፈታኒ ደኣ እምበር ኹና ወዳቒ ዘይምኻንካ ከተርእዮም ዘሎምት ጉዕዞ ምኽኑ ኣስተብህል።

ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ኣሎ ንዓኻ ጥራይ ዝረኣየካ ኣብ ውሽጥኻ ዝፈለቐ ሓሳብ ንሱብ ከተካፍሎ ከሎኻ ከምቲ ንሽኻ ትርእዮ ሰለ ዘይረኣዮ፡ "ፍጹም! እዚ ክኾውን ኣይክልን'ዩ። ዘይከውን እዩ" ብምባል ከታርፈካ ዝፍትን። እንተ ንሽኻ ግና፡ ትልሚ ሓሳብካን ራእይ ግዜኡ-ርእሰኻን ንምትግባር ተበጊስካ ምስ ተዓወትካ፡ እቲ "ኣይክኣልን" ብምባል ዘማኸረካ ሰብ፡ ምስ'ቶም ካልኦት ሰባት ከጣቕዓልካ ክርኢ ግድን ይኸውን።

ብመሰረት መጽናዕቲታት፡ ኣብዚ ንነብረሉ ዓለም ሓደ ሓደሽ ነገር ክፍጠር ከሎ፡ ብውሑድ ቀጽሪ ተቐባልነት እዩ ዝበጽሕ። ምስ ግዜ ቀስ ብቐስ ከኣ እናተወሃሃደ ይመጽእ እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ነቲ ነገር ከም ቀቡል ንምውሳዱ ዘሎማትእ ቅድመኩኑት ክንንብሮ ንርኢ። ህያው ኣብነት ናይ'ዚ ተርእዮ፡ ምስ ምትእትታው ተንቀሳቓሲት ቴሌፎን ዝበረ ብሂላትን ዘረባታትን ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ምፍታሽ እኹል ኣብነት እዩ።

ሓደ ግዜ ደምጺ ኣብ ርሑቕ ዓዲ ናይ ዝቕመጥ ወዳ ብቴሌፎን ንፈለማ ግዜ ዝሰምዐት ዓባይ ሰበይቲ፡ "እዋይ ምጽታት ዓለም! ሎሚስ ከኣ ኣብ ታኒካ ኳንካ ምዝራብ መጺኡ። ኣይ ነገር ጥዕናን። ካብዚ ዝኸፍእ ከይረኣኹ ከሎኹ ደኣ ፈጣሪ ንብረቱ ይእከብ ይኸውን" ዝበለቶ ክጥቀስ ይክኣል እዩ። ብሓፈሻ ምትእትታው ሞባይላት ምስ ሰዴጠናዊ እምነት ከተኣሳስርዎ ዝፈተኑ ወለዲ ኣጋጢሞምኹም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ፍሉጥ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ቴሌፎን ወይ ሞባይል ዘይሓዘ ዳርጋ የለን ክንብል ንኽእል። እሞኸ ከምዚ ካብ ኮነ ኣብ ዓለም ዘይክኣል ነገር የለን ክንብል ንኽእልዶ ይመስለኩም?

ብሓፈሻ ኣብ ዓለም ዘይክኣል ነገር የለን፡ መብዝሕትኡ ብመንጽር ዓቕሚ፡ ጻዕርን ተበግሶን እዩ ዝውሰን። እዚ ማለት ግና፡ ዘይክኣል ነገር ብፍጹም የለን ማለት ኣይኮነን፡ ሓደ ዘይክኣል ነገር ከምዘሎ ኣስተብህል፡ ንሱ ከኣ፡ ባዕሉ "ኣይክእልን እየ" ዝብል ቃል እዩ።

## መዓርፎ-ነፈርቲ ዘይብለን ሃገራት



መጉዓዝያ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ምስላጥ ማሕበራዊ ንጥፈታት ልዑል ግደ ዘለዎም ጸላታት እዛ ዓለምና ክኸውን ካብ ዝጀመር ድሮ ዘመናት ኣቚጺሩ ኣሎ። ደቂ ሰብ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጉዓዝያ ይጥቀሙ ምንባሮም እዩ ዝንገር። ብፍላይ ድሕሪ ምትእትታው ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ፡ ሰባት ካብ ባህላውያን ኣገባብ መጉዓዝያ ናብ ዘመናውያን ክሰጋገሩ ክኢሎም እዮም። ሰባት ካብ ከበብኦም ኣርሒቖም ክኸዱን ዓለም ክድህስሱን ዝጀመሩ'ውን ምስ ምምጻእን ምትእትታውን መጉዓዝያታት እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሰባት ጉዕዞም ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ንምስላጥ ብቐዳምነት ዝጠልብዎ ረቛሒ እንተሎ፡ ቅልጣፈ ናይቲ ዝጥቀምሉ ዓይነት መጉዓዝያ እዩ። መንገዲ ኣየር ድማ፡ ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ዓይነት መጉዓዝያ ይኸውን።

ኣገዳስነት መጉዓዝያ ኣየር እዚ ክንሱ ግና፡ ክሳብ ሎሚ እዚ ዓይነት'ዚ መጉዓዝያ ዘይብለን ገለ ሃገራት ኣለዋ። እዚ ማለት ግን፡ ልኡላዊ ክሊ-ኣየር ዘይብለን ብምኳነን ዘይኮነስ፡ ንመዓርፎ-ነፈርቲ ዝኸውን ምቹእ ባይታ ስለዘይብለን እዩ። ህላወ መዓርፎ-ነፈርቲ ኣብ ምስላጥ መጉዓዝያ ኣየር ቀንዲን መሰረታዊን ረቛሒ እዩ። እንተኾነ፡ እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ሃገራት፡ ካብ'ተን ኣብ ዓለምና ዘለዋ መዓርፎ-ነፈርቲ ዘይብለን እየን።

### ቫቲካን



ቫቲካን፡ ኣብ ዓለም እታ ዝነኣሰት ሃገር ኮይና፡ ቫቲካን ሲቲ ተባሂላ እውን ትጥቀስ እያ። ቫቲካን ሲቲ፡ ጠቕላላ ስፍሓታ 109 ሄክታር ጥራይ እዩ። እታ ከተማ ጸቢብ ብምዃና ናይ ጉዕዞ ርእሳ መዓርፎ-ነፈርቲ ክትድኩን ኣይከኣለትን። እዛ ከተማ ብዙርያኣ ብከተማ ሮማ ተኸቢባ ትርከብ። በዚ መሰረት፡ ወላ ደኣ ርእሳ ዝኽኣለት ሃገር ትኹን'ምበር፡ ብዙሕ ኣገልግሎታት ካብ ሮማ እያ ትረክብ። ናብ ቫቲካን ክበጽሕ ዝደሊ ዝኾነ ሰብ ፈለማ ናብ ሮማ ክኣቱ'ዩ ዝግደድ። ኣብ ሮማ ክልተ ዓበይቲ ኣህጉራውያን መዓርፎ-ነፈርቲ ኣለዋ። ብፍላይ ከኣ መዓርፎ-ነፈርቲ ለዮናርዶ ዳቪንቺ፡ ካብ ቫቲካን ሲቲ ናይ 29.6 ኪሎ ሜተር ጥራሕ ርሕቀት ስለዘለዎ፡ ብበጻሕቲ እቲ ብቐዳምነት ዝጥለብ መዓርፎ-ነፈርቲ እዩ።

### ሞናኮ



ሞናኮ፡ ብዘይካ'ቲ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ዝጥምት ኣንፈታ፡ ሰለስተ ጎድና ብሃገረ ፈረንሳ ዝተኸበ እዩ። ሞናኮ እታ ኣብ ዓለም ሳልሰይቲ ዝነኣሰት ሃገር እያ። ብተወሳኺ፡ ልዑል ጻዕቂ ተቐመጥቲ ዘለዋ ሃገር ብምዃና ፍልጥቲ ይገብራ። ናብ ሞናኮ ክበጽሑ ዝደልዩ ኣጋይሽ ፍርቂ ሰዓት ብዘንኣሸቱ ጀላቡ ወይ መኪይን ክጕዓዙ ኣለዎም። እዚ ግና፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መዓርፎ-ነፈርቲ ኮትደ ኣዙር ፈረንሳ ምብጽሖም እዩ ዝኸውን። ዋላ'ኳ ክልቲኡ ዓይነት መጉዓዝያ ክጥቀሙ ዝኽእሉ እንተኾኑ፡ እቲ ልዑል ተጠላቢት ዘለዎ መስመር መጉዓዝያ ግና፡ ናይ ምድሪ ምኻኑ ይንገር።

### ሳን ማሪኖ




ተዛራቢት ቋንቋ ኢጣልያ ዝኾኑ ህዝቢ ከም ዝነብሩላ ዝነገረላ ሳን ማሪኖ'ውን ሓንቲ ካብ'ተን መዓርፎ-ነፈርቲ ዘይብለን ሃገራት እያ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ እዛ ሃገር ብመሬት ኢጣልያ ዝተኸበት ንእሽቶ ስፍሓት መሬት ዘለዋ ምዃና እዩ። እዛ ኣብ ዓለም ሓሙሸይቲ ዝነኣሰት ሃገር፡ ዋላ'ኳ መዓርፎ-ነፈርቲ ኣይሃልዋ፡ ነብርታ ግን ብኣገልግሎት መጉዓዝያ ኣየር ዝሰከፉሉ ምኽንያት የለን። ከመይሲ፡ ሳን ማሪኖ ካብቲ ልዑል ቀጽሪ ተገልገልቲ ዘኣንግድ መዓርፎ-ነፈርቲ ፈደሪኮ ፈሊኒ 14.4 ኪሎ ሜትር ጥራይ ርሒቓ ስለእትርከብ እዩ። በዚ መሰረት፡ እዮም 33 ሽሕ ነብርታ በዚ መዓርፎ-ነፈርቲ ኣብሉም ኣገልግሎት ይረኽቡ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions for Bisha site project.

1. Position: Underground Mining Manager

Department: Mining

Number required: One (01)

Primary Purpose

• The Underground Mining Manager is responsible for the safe, efficient, and profitable operation of all underground mining activities. This role will lead and develop the underground mining team, ensuring the achievement of production targets, adherence to safety and environmental regulations, and the optimization of operational performance.

Main Functions

• Operations and Management
• Administration of projects
• Budgeting
• Risk Management and safety
• Report writing

UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION

• Actively participate in new employees' skill development.
• Candidate must be physically medically fit.

Qualifications: Knowledge and Experience

• Bachelor or above Degree in Mining Engineering / Geology / Surveying
• Technical background in underground mining methods with strong financial and budgeting abilities
• Good knowledge of mining software o 15+ years' of progressive underground mining experience, at least 5 years Underground experience in a managerial role.
• Ability to lead and co-ordinate a multi-disciplinary team (Expatriate experience essential)
• Thorough knowledge of all phases of underground mine operations including mine construction and projects.

Technical Skills Behavioral Skills

• Leadership skill in multi-disciplinary environment, Strategic & Planning, Organizing & Execution skills, Computer and associated mining software skills – advanced level, Analytical Skills, Project management skills, Problem solving skill, Business Planning & Development skills, Budgeting skills, Business Writing skills, Delegation skills, Decision Making skills, Attention to detail, Report Writing skills, Understand Machine capabilities and deliverables, Presentation skill, Understands all relevant local laws, statutes, regulatory requirements, and Company policies and procedures affecting the employment and safety of persons in the mining department • Strong Management skills. Get things done attitude, Interpersonal skills, Ability to interact with various stakeholder groups including communities, government agencies, board members and investors, Results oriented, ability to meet and exceed operational objectives, Ability to work under pressure, Ability to work toward strict deadlines, Assertiveness, Discretion, Ability to multitask, Cultural Diversity, Conflict Resolution

2. Position: Process Superintendent

Department: Process Plant

Number required: One (01)

Primary Purpose

• Process Superintendent is responsible for overseeing all aspects of plant operations, ensuring that production processes run smoothly, efficiently, and safely. This role requires a strong leader who is able to manage both the operational and administrative aspects of the plant. The Plant Superintendent plays a vital role in planning, coordinating, and directing all activities within the plant to meet organizational goals. This position demands a deep understanding of manufacturing processes, a commitment to safety, and the ability to lead a diverse team toward achieving a common objective.

• Manages the Lime Plant to ensure targets and budgets set are achieved/exceeded, aligned with the company safety and health policies.

ESSENTIAL FUNCTIONS

• Assist end-users in scoping their needs and managing the plant portfolio.
• Define contract agreements and needs for the work execution.
• Manage work execution with internal and external resources/contractors.
• Manage capital budgets, project planning & scheduling.
• Provides clear and supportive leadership to team.
• Able to diagnose problems and potential problems.
• Able to think outside the square and come up with an alternative.
• Thinks ahead and thinks tasks through before commencing or directing them.
• Sees how various tasks fit together.
• Maintains or enhances others' self esteem.
• Listens and responds with empathy.
• Asks for help and encourages involvement – consults with those affected by problem or change.
• Shares thoughts, feelings and rationale (to build trust).
• Provides support but knows when to stand back (to build ownership).
• Manges performance of team members promptly and fairly.
• Actively seeks feedback on own performance as a leader.
• Manges personal stress.
• Decisive, yet flexible when required.

Main Functions

• Planning & Management
• Implementation
• Production
• Reporting & Data Control
• Team Management

UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION

• The candidate employment age 55 years maximum
• The candidate must be physically medically fit.
• The candidate must be able to source the project parts from variance suppliers.
• Must have presentation skills.
• Must be able to work outside exposed to Heat, wind, and dusty environments.
• Must be able to work at Heights.

Qualifications: Knowledge and Experience

• Degree or Diploma in Mechanical/ Electrical Engineering
• Degree or Diploma in business/ Financial management, or a related field is advantageous o 10 - 15 years in manufacturing or industrial environment or relevant experience
• 5 - 10 years management experience

Technical Skills Behavioral Skills

• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced, MS Project - Intermediate)
• Process Plant Engineering maintenance and environment experience
• Excellent analytical skill and attention to detail
• Familiarity with safety regulations and compliance requirements
• Proven leadership and managerial skills
• Excellent problem-solving and analytical skills
• Experience with budget management and financial planning Skills and Project Management
• Strategy Exposure and understanding of quality control procedures and safety standards
• Experience with Lean Manufacturing principles and continuous improvement methodologies
• Knowledge of production management software and Microsoft Office Suite
• Strong organizational and multitasking skills and ability on Greenfield and Brown Fields Project Execution
• Ability to analyze data and create reports for seniormanagement • Strong communication (English) and interpersonal relations skills
• Assertiveness
• Strong interpersonal relations skills
• Integrity
• Prioritizing skills & multi-skilling
• Ability to work towards strict deadlines

Continued on page 6

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

continued from page 5

# VACANCY ANNOUNCEMENT

- Coaching & Team-building skills
- Discretion
- Self-motivation
- Cultural Diversity experience
- Stakeholder Management

3. Position: HME Component Rebuild Mechanic
Department: Mining
Number required: One (01)
Primary Purpose

- Responsible for the disassembly, inspection, repair, and rebuilding of HME Components to ensure optimal functionality and extend equipment life.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Planning and Preparations.
- Component rebuilding
- Safety and compliance
- Documentation and reporting

UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION

- Must be physically fit and capable of handling heavy components.
- Familiarity with HME Brands such as Caterpillar, Sany and Shantu are advantageous.

Qualifications:Knowledge and Experience

- Formal Trade Certification in Diesel Mechanics. •8 - 10 years of relevant experiences in component rebuilding (Engines, Transmissions, differentials, hydraulic pumps, and motors)
- Comprehensive understanding of HME Systems and components
- Knowledge of workshop safety standards and practices

Technical Skills Behavioral Skills

- Familiarity with component rebuilding procedures and manufacturer specifications
- Ability to read technical manuals, blueprints, and schematic diagrams.
- Proficient in using diagnostic tools, precision measuring instruments, and workshop equipment of Communication (English), Assertiveness, Interpersonal relations skills, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy Discretion, Discretion, Self-motivation

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.
- Type of Contract: Indefinite

Additional requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to:-
Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to:

1. Aliens Employment permits Affairs,
P. O. Box 7940
Asmara, Eritrea.
2. Mineral Resources Management
P. O. Box 272
Asmara, Eritrea

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ- ገፍሮ በርበረ ጥራይ
ኣርእስቲ ውዕሊ- ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ውዕሊ- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

1.ቤት ትምህርቲ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ደቀምሓረ ንዓመት ትምህርቲ 2025 ዝውዕል 1ይ ደረጃ ገፍሮ በርበረ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋ ብዕሹግ ደብዳቤ ክቐርብ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣስመራ ቁጽሪ ቴሌፎን 123749 ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ኽፍሲ ወከፍ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን7 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ንጽባሒቱ ክሳብ ሰዓት 9:45 መጫረቲ ፖስጣ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐርብ ሰነድ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቶም ክሳተፉ ዝደልዩ ሰባትን ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣስመራ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ (CPO) 50,000.00 ናቕፋ ክስኒ ኣለዎ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ - ደቀምሓረ
ቴሌ 123749

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ከባቢ 06 ዝርከብ ስፍሓት መሬት 254.61 ት/ሜ ቁንዲ 5 ሓገዝቲ 2 ክፍሊ ዘለዎ፣ ብስም ወ/ሮ ልኡል ሃይላት ደብረጼን ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ስለ ዝዕደግኩዎ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻኣለይ እሕብር።

ተኽላይ ገብረእንድርያስ ወልደገብርኤል
ወኪል ተኽለ ምስየና

---


ብስም ኣልኣዛር ኣብርሃም ጴጥሮስ ዝተመዝገበ፣ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042541 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 119-2 ቁ.ገዛ 0 ዝርከብ ናይ ቡቲክን ምክራይ ቪሎን ትካለይ ንኣቶ ኣኸሊሉ ኣብርሃም ወልደሚካኤል፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 184-1 ቁ.ገዛ-ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣልኣዛር ኣብርሃም ጴጥሮስ
ሕጋዊ ወኪል ልኡል ኣብርሃም ዘወልዲ

---

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ፣ ዚፕ 1A/713 ጎደና 103 ቁጽሪ ገዛ 27 ፕሎት 16 ፓርሰል "ጂ" 250.00 ት/ሜ ዝስፍሓቱ መሬት ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 58943-97074 ብስም ሃይለ መሓሪ ተስፋሚካኤል ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፣ ብወህበቶ ናብ ስም ዳንኤል ሃይለ መሓሪ ንምሕላፍ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ትእዛዝ ካብ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ካዳስተርን ብምሓዝ ክቐርብ እጸውዕ።

ኣብርሃም ክፍለዝጊ (ወኪል)



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## “ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ንዓቕሚ መሃዝነት የጉድሎ ኣሎ” ተመራመርቲ




ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ምርምራዊ ስርሓት ስነ-ፍልጠተኛታት ኣሳልጦን ንጹርነትን ይፈጥር ዋላ እንተሃለወ፡ ዓንኬል ዝመራመሩሉ ኣርእስትታት ግን የጽብቦ ምህላዉ'ዩ፡ ኣብ'ቲ ብምትሕብባር ኣመሪካውያንን ቻይናውያንን ተመራመርቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ።

እቲ መጽናዕቲ ን44 ዓመታት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ንዝተኻየዱ 68 ሚልዮን መጽናዕታዊ ጽሑፋት ተመራመርቲ ተመርኲሱ እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ከኣ፡ ብሓገዝ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝተኻየዱ መጽናዕታዊ ምርምራት፡ ዋላ ዓመቓትን ዝተራቀቑን እንተኾኑ፡ ግን ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ዘተኮሩን ተደጋገምትን ምኳኖም እዩ ተፈሊጡ ዘሎ። ኣብ መጽናዕታዊ ጽሑፋቶም ብተደጋጋሚ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝጥቀሙ ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ንሓደ ጸገም ኣብ ብዙሕ ማዕከን ዳታ ተመርኲሶም ብዝተፈላለዩ መልክዓት ክምዘፈትሕዎ ዝጠቕሱ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ፡ እንተኾነ ኣብ ሓደሽ መጽናዕታዊ ዓውዲ፡ ምርምራት ክካየዱ ዘኽእልዎም መሰረታውያን ሕቶታት ክልዕሉ ዘለዎም ተኽእሎ ግን ኣዝዩ ትሑት ኮይኑ ከምዝረኽብዎ ገሊጾም።

ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ንስነ-ፍልጠተኛታት ኣብ ሓደ መጽናዕታዊ ዓውዲ ዘለዎም ኣፍልጦ ከበርኹን በቲ ዓውዲ ክምዕብሉን ዘኽእሎም ኮይኑ'ኳ እንተተረኽበ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስትታት ጋማን ክብሉ ደኣ'ምበር፡ ዘለዎም ናይ ምምርማር ውሻጣዊ ህርፋን ንኸይበርብሩ ኣዘንጊዕዎም ከምዝለ'የም፡ እቶም ተመራመርቲ ዘጽንዑ። ንሱ'ዩ ወሲኾም፡ ኣብ መጽናዕታዊ ስርሓቶም ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዘይጥቀሙ ስነ-ፍልጠተኛታት ዘልዕልዎ ኣርእስትታትን ዝመራመሩሉ ዓውድታትን ግን ብመጠኑ ሰፊሕ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ሓቢሮም።

እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ምምዕባልን ምርቃቕን ዓውዲ ስነ-ፍልጠት ልዑል ግደ'ኳ እንተሃለዎ፡ ኣብ ስነ-ፍልጠተኛታት ግን ኣብ ናይ ምሕሳብ ዓቕሚ ድኽነት የስዕብ ምህላዉ ኣመልኪቶም።

## ዓቐን ሙቐት ውቅያኖሳት፡ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ወሲኹ



ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሬዲንግ - ብሪጣንያ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ዓቐን ሙቐት ውቅያኖሳት፡ ኣብ ውሽጢ 40 ዓመታት ብኣርባዕተ ዕጽፊ ከምዝወሰኸ ተፈሊጡ።

ካብ 1980ታት ንደሓር፡ ዓቐን ሙቐት ውቅያኖሳት፡ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት ብ0.06 ዲግሪሰንቲግረይድ ጥራይ እዩ ዝወሰኽ ነይሩ። ካብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ኣትሒዙ ግን፡ ሙቐት ማያት ውቅያኖሳት ብ0.27 ዲግሪሰንቲግረይድ ክብ ክብል እዩ ተራእዩ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ገለ ክፋል እዚ ኣብ ውቅያኖሳት ዝርአ ዘሎ መጠን ሙቐት፡ ብክሊማዊ ወቕቲ ‘ኤልኒኖ’ ዝሰዓበ ምኳኑ ጠቒሶም ኣለዉ።

ውቅያኖሳት፡ ነቲ ኣብ ህዋ ዝርከብ ሙቐት ብምስላብ፡ ኣብ ምጉዳል ዓቐን ሙቐት ዓለም፡ ልዑል ኣበርክቶ እዩ ዘለዎም። እዚ ኣብ ማያት ውቅያኖሳት ተመዝጊቡ ዘሎ ዓቐን ሙቐት፡ ክሊማዊ ዋዒ ብቐልጡፍ ይልዕል ከምዘሎ ዘመልክት ምኳኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ይገልጹ። እዚ ኣብ ማያት ውቅያኖስ ተኸሲቱ ዘሎ ምልዓል ሙቐት፡ ካብ'ዚ ዝለዎ ምስ ዝወሰኽ፡ ንቐጻልነት ዓሳታትን እንስሳታት ባሕርን ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ከምዘየኮነ ወሲኾም ኣተሓሳሲቦም።

ዓለማዊ ዋዒ፡ መሬት ካብ'ቲ ናብ ጠፈር ትነፍኦ እቲ ኣብ ህዋኣ ሒዛቶ እትተርፍ መጠን ዋዒ ምስ ዝዛይድ እዩ ዝወሰኽ። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ኣብ ህዋ ተታሒዙ ዝተርፍ ዘሎ ሙቐት ከኣ፡ እቶም ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ዝፈርዩ ዘለዉ በከልቲ ጋዛት ካርቦን-ዳይኦክሳይድን ሚተይንን ምኳኖም፡ ብተደጋጋሚ ክነገር ጸኒሑ። እዚ ብምትፋእ እዚ በከልቲ ጋዛት ዝሰዓበ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ፡ ንሸፈነ ውርጪን በረድን ስለዘኩድሎ፡ ንዓቐን እቲ ኣብ መሬት ሃሪሙ ዝምለስ ብርሃን ጸሓይ ብምውሓድ፡ ነቲ ቀስ ብቐስ ክልዕል ጀሚሩ ዘበረ ዓለማዊ ሙቐት ኣጋዲድዎ ከምዝርከበ ክኢላታት እዚ ዓውዲ የረድኡ።

ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ጠንቂ ምውሳኽ ማይ ጽፍሒ ባሕሪ፡ ደርቂ፡ ባርዕ ሓዊ፡ ዕልቕልቕን ሕሞማትን ብምኳኑ ገዚፍ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ኣስዒቡን የስዕብን ኣሎ። ህዝቢ ዓለም ኣብ ኑዳዊ ዘለዎ ተሞራኳስነት ብቐልጡፍ ምስ ዘየጉድል ከኣ፡ ኣብ ዝቕጽል ቀረባ ዓመታት፡ ሰለስተ ርብዒ ካብ እንስሳታትን ኣታኽልትን ክጽንቱ ከምዝኽእሉ ይእመት።

## ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት፡ ጠንቂ ምውላድ መዓልቱ ዘይኣኸለ ናጽላ . . .

ኣዝዮም ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት፡ ሓደ ካብ ጠንቅታት ምውላድ መዓልቱ ዘይኣኸለ ናጽላ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ኣብ ሓደ ሓድሽ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።

ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት፡ ትሕቲ 5 ሚሊ-ሜትር ዓቐን ዘለዎም ኮይኖም፡ ንጥዕና ሰብን ኣከባብን ጉድኣቲ ምኳኖም'ዩ ካብ ነዊሕ ክነገር ጸኒሑ። እዚ ሓድሽ መጽናዕቲ፡ ኣብ መዓሕንቲ 200 ናጽላታት እዩ፡ ብሓገዝ ዝተራቐቐ ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒ ተሰንዩ ተኻይዱ። እቶም 100 ናጽላታት ኣብ መዓልቶም ዝተወልዱ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ ቅድሚ 37 ሰሙናት ዝተወልዱ እዮም ነይሮም።

ኣብ'ቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ከኣ፡ ኣብ መዓሕንቲ እቶም ኣብ መዓልቶም ዝተወልዱ ናጽላታት ውሑድ ዓቐን ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ክርከቡ ከለዉ፡ ኣብ መዓሕንቲ እቶም ኣብ ዘይእዋኖም ዝተወልዱ ናጽላታት ግና ቅድሚ ሕጂ ኣብ ደም ወዲ-ሰብ ተራእዮም ዘይፈልጡ ብዙሓት ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ከምዝተረኽቡ ተሓቢሩ። ኣካየድቲ እዚ መጽናዕቲ ካብ'ዚ ርኽበት ተበጊሶም፡ ኣብ መዓሕንቲ ኣብ ማህጸን ዝርከብ ናጽላ ብዙሓት ዝተዳቐቑ ፕላስቲካ ምስ ዝእከቡ፡ እቲ ናጽላ ኣብ መዓልቱ ክውለድ ዘሎ ተኽእሎ ከምዝልዕልዎ ገሊጾም።

ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት እናኾኑ ይመጽኡ ስለዘለዉ፡ ብፍላይ ነፍሰጾራት ኣደታት፡ ኮዝሞቲክን ዕሹጋት መግብታትን ብብዝሒ ካብ ምጥቃም ክቖጠቡ፡ ዝኾነ ፕላስቲካት ክቃለዕወን ካብ ዝኽእሉ ቦታታት ክኣ ክእለያ፡ እቶም ክኢላታት ኣብ መወዳእታ ተማሕጺኖም።



## ሰበባ ጽሩይ ማይ፡ ከም ብሉጽ መግቢ ክገልግል ከምዝኽእል ተሓቢሩ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ በርሚንግሃም፡ ኣብ ቀላይ ወይ ፈለግ ዝበቍል ናይ ጽሩይ ማይ ሰበባ ኣብ ምግታእ ዓለማዊ ሕጽረት መግቢ፡ ከም ብሉጽ መግቢ ኮይኑ ክገልግል ዝኽእል ብቕዓት ከምዝተረኽቦ ሓቢሮም።

እዚ ‘ኮረላ ቮልግራሰ’ ዝበሃል ናይ ጽሩይ ማይ ሰበባ ዝበዝሐ ክፋሉ፡ ፕሮቲን፡ ሊፒድን ካርቦሃይድረይትን ክኾውን ከሎ፡ ቫይታሚን ሲ፡ ማግነዚየምን ካልሲየምን ከኣ ብውሑድ ዓቐን ይርከቦ። እዚ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብመልክዕ ከኒናን ሓርጭን ክዓሎ ክኣሉ ዘሎ ሰበባ ንምዕድናዊ ትሕዝቶ መግቢ ከሀብትም ስለዝኽእል፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ምስ ኣብ ፋብሪካታት ዝፈርዩ ዝተፈላለዩ መግብታት ክሕወስ መደብ ከምዝለ ይግለጽ። ሰበባ ‘ኮረላ ቮልግራሰ’ ባእታታት ጸረ-ምረታን ጸረ-መርዝን ዝውንን ኮይኑ፡ ብዘይካ ከም ብሉጽ መግቢ ከም ፈውሲ ኮይኑ ክገልግል ከምዝኽእል'ዩ በቶም ተመራመርቲ ዝሕበር ዘሎ።

እዚ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ዋዒ፡ ሰፊሕ ደርቂ ከስዕብ ምኳኑ'ዩ ብክኢላታት እዚ ዓውዲ ዝእመት። እዞም ተመራመርቲ ከኣ ነቲ ኣብ መጻኢ ብምስፍሕፋሕ ደርቂ ከስዕብ ዝኽእል ሕጽረት ቀረብ መግቢ ንምምካት፡ እዚ ናይ ጽሩይ ማይ ሰበባ ከም ቀንዲ ምንጪ ኮይኑ ክገልግል ብቕዓት ከምዝለዎ እዮም ዝገልጹ ዘለዉ።

ንሱ'ዩ ወሲኾም፡ እዚ ከም መግቢ ጌና ብሰቡት ተቐባልነት ዘይረኸበ ዘሎ ሰበባ፡ ብሓገዝ ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒ፡ ዘለዎ ዝርጋሐ ከዕብዩ መደባት ከምዝለዎም ገሊጾም። እዚ ሕማም መንሽሮ፡ ሕማም ረስዐን ወጥሪ ኣእምሮን ከውግዱ ዝኽእሉ ማዕድናት ዘለዎ ሰበባ፡ ኣብ ምስላብ ካርቦን-ዳይኦክሳይድን ምጽራይ ረሳሕ ማይን ሓጋዚ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፡ ከም መግቢ ኮይኑ ክገልግል ቀጻልነት ከምዝለዎ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም<br>ፍርማሲ ደንደን<br>ፍርምሲ ሩታ | 16/2/2025 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ. 20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስማር (ጎዳይፍ)<br>ጎደና -117-15፡ ቁ11፡ጥቓ ሺል ዑቕባ ሃይለ<br>ሰንበል ጉዳም (ሰምበል እንዳ ቦንዳ )፡ ጎደና 863-189 | 181048<br>121140<br>07158556 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565